# ኢሳያስ ኣፈወርቅ መቐጸልታ ባዕዳውያን ገዛእቲ ዶ?

**ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ደለይቲ ፍትሒ፡ እዚ ብ5/19/16 ናብ ተጎሩባ ተለጠፉ ዝነበረ ጹሑፈይ እዩ። ሎሚ ዘድልየና ዘሎ ውድበይ ውድብካ ፣ ሰልፈይ ሰልፍኻ ኣይኮነን ። ዝተወደበን ዘይተወደበን ዝሳተፎ ሓዲሽ ናይ ሓባር ውዓላ ክቕውም ኩሉ ዜጋ ዝሓቶ ዘሎ እዩ ። ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ክጅምር ናይ ኩሉ ሃገሩ ዝፈቱ ኤርትራዊ ዜጋ ምትሕብባር ይሓትት።** ቅድሚኩሉ ልዕላውነት ሃገር ምውሓስ !

ባዕዳውያን ገዛእቲ ክብሃል እንከሎ ካብ ድገ ዝመጹ ፖሊቲካዊ ሓይሊ ኮይኑ ነቶም ደቂ ሃገር እናኣሰረን እናቀተለን ነቲ ጸጋታት እታ ሃገር እናመዝመዘ ክነብር ዝደሊ ሓይሊ እዩ። ኣብ ኤርትራ ዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተቀልቂሎም ነይሮም እዮም። እንተኾነ እቲ ብዝያዳ ዝፍለጥ መግዛእቲ ጣልያን እዩ። ጣልያን ፍሪያምን ዝበለጸን መሬት ኤርትራ ንዜጋታቱ እናዓደለ ፣ ንኤርትራውያን መእሰያት ኣብ ወተሃደራዊ ወራርት ኹናት ሶማልን ሊብያን ኢትዮጵያን እናለኣኸ፣ ንህዝብና ዝሳቀያ ዝቐተለን ባዕዳዊ ገዛኢ ነይሩ። ጉጅለ ህግደፍ ከኣ ንኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ኩናት ሓኒሽ፣ ሱዳን፣ ኢትዮጵያን ሶማልን፣ ኮንጎ፣ ሕጂ ድማ ባሕሪ ስጊሩ ናብ ኹናት ሕድሕድ የመን መንእሰያትና ክስውኡን ክስንክሉን ዝገበር ዘሎ፣ እዚ ተግባራት እዚ ብኽመይ ካብ ባዕዳውያን ገዛእቲ ፈሊና ክንርእዮን ንኽእል ?

ጣልያን ኣብ ኤርትራ ክነብር ዝብል እምነት ስለ ዝነበሮ ንከተማ ኣስመራ ተምሳል ሮማ ገይሩ ክሃንጻ ተራእዩ ። እንግሊዝ ከኣ ካብ ኤርትራ ክወጽእ ምዃኑ ምስ ፈለጠ፣ ንብረት ህዝቢ ኤርትራ ክዘምትን ክሸይጥን ህንጻታት ክዕኑን ከፈርስን ተራእዩ ። ክነብር ዝብል ሕማቕ እናሰርሔ ጽቡቕ እውን ይሰርሕ እዩ ። ክኸይድ ምዃኑ ዝፈልጥ ግን ኣጥፊእኻ ምጥፋእ እዩ ዝመርጽ ። ህግደፍ ከኣ ኣጥፊእኻ ምጥፋእ ዝመረጸ ጉጂለ እዩ ።

ኢሳያስ ኣፈወቂ ንሜዳ ኤርትራ ክወጽእ እንከሎ፣ ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ኹነታት ምዕብልና ኤርትራ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ካብ ሃገራት ኣፍሪቓ ዝነበሮኦ ዝሓሸን ዝበለጸን ነይሩ ። ኤርትራ እታ ቀዳመይቲ ሃገር ድሕሪ ደቡብ ኣፍሪቃ ቅዋም ዝነበራ ሃገር ነይራ ። እሞ ኣብቲ ግዜ እቲ ኢሳያስ ኣፈውርቂ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓሊዮት ሓዲሩዎ ንዝሓሸ ማሕላትን ሞዕባሌን ከምጽእ ክጋደል ዝተሰለፈ ሰብ ካብ ነበረ ፤ ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዝነበሮ ናይቲ ግዜ እቲ ማ ባብሮ ኣብ ዝከፍኤ ህልቐተን ምርሳይ ንብረቱን ደቁን ሰብኣዊ ማሕላቱን ዝዓለመ ፖሊሲ ሓንጺጹ ከጽንቶ ዝመረጸሉ ምክንያት፣ እንታይ ስለ ዝኮነ እዩ ?

ኢሳያስ ኣፈውርቂ ኣብ ቓልሲ ኤርትራ ክስለፍ እንከሎ፣ ናይ ነዊሕ ጉዑዞ እተጸንዔ ፖለቲካዊ መደብ ሓንጺጹ ከተግብሮ ቆሪጹ ዝተበገሰ ሰብ ነይሩ ። ስለዚ እቶም ዝበዝሑ ተጋደልቲ ሃገራዊ ነጻነት ከምጽኡ ንማስዋእትነት ድሉዋት ክኾኑ እንኸለዉ፣ ኢሳያስ ኣፈውርቂ ግን ሜልእክቱ ፈጺሙክምኣስ ዘተኣማምኖ ዱልዱል ሓይሊ ኣብ ድሕሪኡ ስለ ዘቀማጠ ኣብ ልዕሊ ተጋደልቲ በብዓይነቱ ገበናት ክፍጽም ሓጊዙዎ እዩ ። ኮ/ል ፍስሃ ደስታ ኣብዚ ሕጂ ዝደረሶ መጽሓፍ “ ኢሳያስ ኣፈውርቂ እቲ ብማእከልነት ተስፋሚካል ጆርጆ(ህግደፍ ድሕሪ ነጻነት ኣብ ኣዋሳ ኢትዮጵያ ዝቀተሎዎ ) ኣብ ቓኛው ዝተሳተፎ ኣኼባ ነቲ ዝፈረሰ ፈደረሽን ክሜልስ እምበር ንነጻት ኤርትራ ከምዝይኮነ ነቶምኣሜሪካውያን ቓል ከምዝኣተወሎም” ይገልጽ ፣ እቲ ርክብ ናይ ልዑል ኣስራተ ካሳ ቡራኼን ኣፍልጦ ከምዝነብሮ እውን ይገልጽ ። ብተወሳኪ ኮ/ል ፍስሃ ደስታ ኣብ ቅድሚምጅማር ውራር ቀይሕ ኾከብ ኩሉ ምድላዋት ምስ ተወደኤ ፣ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብሚኒስተር ዶ. ሳሊም ኣሕመድ ሳሊም ናይ ታንዛንያ ኣቢሉ ምስ ደርጊ ክዓርቆ ከምዝሓተተን ፤ እንተኮነ መንግስቱ “ውንበዴ ኢዱ ክህብን ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያ ክሕወስን እንተዘይኮይኑ ዝኾነ ነገር ከምዝይቅብል ዓቅቢጹ” ይብል ። እዚ ጥራሕ ኣይኾነን ፤እንደገና ኢሳይስ ኣፈውርቂ ምስቶም ብ1989 ንመንግስቱ ክግምጥሉ ዝተላዕሉ ጀነራላት(ሜርዕድ ንጉሰን ፈንታ በላይ ) ቀንዲ ተሓባባሪ ከምዝነበረ ንጉዳይ ኤርትራ ብዘይ ቅድመ ኹነት ፣ ኣብ ጣውላ ምስኦምኮፍ ኢሉ ክፈትሖ ድልውነቱ ኣራጋግጹሎምነይሩ ይብል ።ንክልተ ሰሙን ተኸሲ ደውክብል እውን ኣዊጁነበረ ።ኣብዚ ተበግሶ እዚ ወያኔ እምቢ ከምዝበሉ ይገልጽ ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሜዳ ምስ ወጸ ምቑእ ባይታ ጸኒሕዎ እዩ። እቲ ብበዓል ወልዳይ ካሕሳይን ብጾቱን ኣብ ኤትዮጵያ ኢድ ምሃብ ተረቢሹ ዝጸንሔ ሜርሕነት ተሓኤ ፣ ኣቶ ኢሳያስ ምስ መጸ ከም መፍቲሒ ናይቲ ሽገር ብዙሕ ከይጸንሔ ሓደ ምሁርን ከበሳውን ተረኪቡ ተባሂሉ ንቻይና ተላእከ ። እዚ ዕድል እዚ ንኣቶ ኢሳያስ ኣፈውርቂ መደባቱ ከማዕብል ዕድል ከፊቱሉ እዩ ። እቲ ጀብሃ ክትሓቅቕ እያ ዝብል ትምቢቱ ብዘይ ምኽንያት ኣይነበረን ።ኣብቲ ኣብ ቓኘው ዝተገብረ ርክብ ጀብሃ ከም ናይ እስላም ተሓላቂት ተወሲዳ ጽልዋ ምስልማኛ ንኣሜሪካን ኢትዮጵያን ስለ ዘስገኤን ኢሳያስ ኣፈወቂ ከምተልእኮ ብጀብሃ ክጅምር ነይሩዎ ። ስለዚ ከምዝምላዕለዎት ኢትዮጵያውያን ሓለፊቲ ዝገልጽዎ ዘለዉ፤ ሕልምን ደልየት ኢሳያሳ ኣፈወቅ ነጻናት ኤርትራ ከምዝይነበረ እቲ ኩሉ ምስጢራት ሕጂ ብዝያዳ እንበርሄ መጺኡ ኣሎ ።ኢሳያስ ኣፈውርቂ እቲ ድልየትን ባህግን ህዝቢ ኤርትራ ንነጻነት ስለ ዝበርትዖ እምበር ኩሉ ግዜ መንነቱ ኣይገደፈን ። ኢሳያስ ኣፈወርቂ ሕልሙን ድልየቱን ፍሉይ ስለ ዝነበረ ፣ ንኩሉ ጻዕርታት ዕርቂን ዘተን ክንጽግን ክሕሰምን ጸኒሑ፣ መሻርክቱ ዝነበሩ ህዝባዊ ሓይልታት ፤ጉዳይ ወጻኢ፣

ሓይሉ ምስ ኣደልደለ ጠሊሙ፣ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ንወያኔ ዓዲሙ ኣብ ኾናት ሕድ ሕድ ኣሳቲፉ ። ድሕሪ ነጻነት ከኣ ኣብ 1991 ሓደ ውድብ ህግ እንተዝይኮይኑ ብዙሕነት ከምዝይቅብል ኣዊጁ እዩ። ካብዚ ጉዑዞ እዚ እንመሃሮ ነገር እንተሎ፣ ምልኪ ጥራሕ ዘይኮነ ፣ ቀጻልነት መግዛእቲ እውን ዝኣመተ እዩ።ሃገራዊ ኣግልግሎት ንሰላምን ፀጥታን ሃገር ዝድለ እኳ እንተኮነ ፣ ኢሳያስ ኣፈውርቂ ግን ስልጣኑ ንደቡብ ክስፍሕን ነጻ ጉልበት መንእሰያት ክምዝምዝን ክትቀመሉ ማስሪቱዎ ።

ኣብዘን 50 ዓመታት ዕድሜኡ ኣብ ሓላፍነት ካብ ዝሞጽእ ፣እንታይ ከም ዝፈጸመእ ክብ ድምር ኣቢልና እንተ ማዝንናዮ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ተወጢሑ እናቀተለን እናዓመጸን ነታ ካብ ልቡ ዝነቀለላ ዕላማ ምውራስ ስልጣን ዓባይ ህገር ከረጋግጽ ይቓለስ ኣሎ ። ኣብ ኮንፈረንስ ኣዲስ 1991 ሓደ እትዮጵያዊ ደጀዝማች ካብ ኤርትራ ትፍለ ንስኻ ናይ ኢትዮጵያ መራሒ ዘይትኸውን ክብልዎ እንከልው ኣብ ገጹ ዝተወለዔ ብርሃን ካሊእ እዩ ነይሩ ። እንተኾነ ወያኔ እንኽለዉሞ ኣበይ ክረክቦ ። ስለዚ እዩ ንኩሉ ሽግራቱ ኣብ ክሳድ ወያኔ ጠምጢሙ ወግሔ ጾብሔ ወያኔ ክብል ክጸርፍ ዝውዒልን ዝሓድርን ዝርኤ ።‘ሓድ ሓደ ኤርትራውያን ናይ ፖለቲካ ተንተንቲ ክገልጹ እንከለዉ” ንሕና ዘገድሰና ተግባራት ኢሳያስ ኣፈውርቂ እምበር ዘርኢ ወይ ማቆል ኣይኮነን ክብሉ ይስምዑ እዮም።እዚ ኣባሃህላ እዚ እወ ሓቂ እዩ ።ተግባር ሚዝን ናይ ሕቅነት ስለ ዝኮነ ። እንተኾነ ህዝብን ሃገርን ንክዕኑ ዝሚጸ ዜጋ፣ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱ ናይ ግድነት እዩ ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ነቶም መኹራት ተጋደልቲ መራሕቲ ኾናት ኣደስኪሉ ፣ ከምቲ ናታቶም ሽምን ዝናን ክረክብ ባዕሉ ኾናት ሚሪሑን ተሳዒሩን ፣ሓደ ሚልዮንን ፈረቓን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ንብረቱን ሜሬቱን ተሰዲዱ። 25 km ልዑላዊ ሜሬት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓይሊ ሕ/ሃ ክኣቱ ከይፈተወ ዝፈረመሰብ እዩ ። ጉጅለ 15 ጉድለታትና ንኣርም ህዝቢ ንብድል ኣሎና ስለ ዝበሉ ኣሲሩ ክሳብ ሎሚ ይሳቅዮም ኣሎ። ንዝዓረፉ ብጾቱ ሜቶሮን ፈረቓ ጉድጓድ ቀብሪ ዝኽሊእ ፣ እቲ ዘገርም ሓድ ሓደ ተቓለስቲ ኢና በሃልቲ፣ መራሒና እናበሉ ከኣ ክውድስዎን ዲሞክራሲ ከምጸኣሎም ዝጽልዩን ዝጽበዩን ኣበውከኣ ኣለዉና ።

ኾናት ኣንጻር ኢትዮጵያ ኣብ ሓሳብ ህዝብን ተገደልትን ኣይነበረን ። ኤርትራ ነጻ ኣብ ዝወጻትሉ 1991 ኣብ ስነ ማኦድዮን ዝተጋብኡ ዓበይቲ ዓዲ ዝሃብዎ ለበዋ “ ድሕሪ ሕጂ ምስዛ ኢትዮጵያ እትብሃል ሃገር ኾናት ኣይንደልን ዝብል “ ነበረ ። እምበኣር እዚ ብሃንደበት ዝተላዕለ ኮይኑ ብቁልጡፍ ፍታሕ ክርከቦ እዩ ዝብል ትጽቢት ህዝቢ ነይሩ ። ከምኡ ስለ ዝነበረ እቲ ኣታሓሳስባ ፣ ኣባል ጉጅለ 15 ተጋዳላይ ሃይለ ወልደትንሳኤ ኣብ ጀርመን ድሕሪ ውዑል ኣልጀርስ

ኣብ ዝገበሮ ናይ ህዝቢ ኣኼባ “ ወተሃደራት ሕ/ሃ ኣብ ሜንጎ ስለ ዝኣተዉ፣ ሕጂ ኣብ ጉዳይ ቅዋምን ጽቡቅ ምሕደራን ክንሰርሕ ኢና “ኢሉ ሜዲሩ ነይሩ። እዚ ኣባሃህላ እዚ እቲ ኣብ ኩሉ ልቢ ኤርትራዊ ዝነብረ ሓሳብ እዩ። ተጋ. ሃይለ ወልድትንሳኤ እዚ ክብል እንከሎ እቲ ማንታ ብህሪያት መቓልስቱ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብፍጹምይፈልጦኣይነበረን ።

ኢሳያስ ኣፈውርቅ ኣብዘን 25 ዓመታት ብዘይ ቅዋምዝገዝኣለን ፣ከምቶም ካልኦት ኣፍሪቓውያን ዲክታተራት፣ ሓደ ግዜ እውን ንይምሳል ምርጫገ ይሩ 100% ተዓዊተ ክብል እውን ኣይፈተንን ። ሓቦን ምትእምማን ስለ ዘይውንን። ሓደ ግዜ ሓጎስ ገብረሂወት( ክሻ) “ ኢሳያስ ኣፈወርቂ እንተ ዝወዳደር ዝስዕሮ” የለን ክብል ፈኪሩ ነይሩ ፣ እሞከ ደኣ እንተ ክስዕር ርግጸኛ ኾይኑ ፣ እታ ሳንዱቅ ናይ ድምጺ ምሃብ ኩሉና ኤርትራውያን ን25 ዓመታት እንጽበያ ዘሎና ዘይቅርበልና እሞ ናይ ብሓቂ ከኣ ፕረሲደንት ሃገር ኤርትራ ክንብል ምጸዋዕናዮ ።እዚ ካብ ሬሳታት ስዉኣት ዝፈርሕ ፣ ሕጂ ከኣ ርሃጽ ድኻታት ዘሚጡ ከይኣክሎ፣ ገና ሕጂ እውን እትን ኣብ ጂባኹምተሪፈን ዘለዋ ክጽንቅቀን ኢየ እናበለ ይፍክር ምህላዉእዩ ዝንገር ዘሎ።

ኢሳያስ ኣፈወርቂ ምሪጹኒ ክብል ዓዲ ዓዲ ክዘውር ከምዝይምኽኑ ኣቀዲሙ ኣብዓዲ ጣልያን ኣብ ዝገበሮ ቓለ ምሕትት ገሊጹዎ ነይሩ ። ምኽንያቱ ጉዳይ ምርጫ ከምዝይተዋጽኦ ስለ ዝፈልጥ።

እቶምመሳርሕቱን መሳተይቱን ዝነበሩ መስተ ሰትዩ ክሰክር እንከሎእንታይ ከምዝብል ገሊጾምልና ስለ ዝኮኑ ምድጋምዘድሊዮ ኣይኮነ ን ።ብተወሳኺ እውን ካብ ኣፉ ዝሰምዓናዮ ብንዕቀትን ብድዔን “ኣዚ ህዝቢ እዚስ ! በጊዕ ዶ ሓሚቕ ሓሚቕ ክንሓርደሉ ድልዩና ?እናበለ “ናይ ንዕቀት ፈኸራ ኣስሚዑና እዩ ።ንህዝቢ ኤርትራ ማይ ዝደለየ ኣብ ማይ ዘለዎ ቦታ ይኺድ ክብል እውን ሓቢሩና እዩ ። ብዘዕባ ሽገር ህዝቢ ኤርትራ ሻቅሎት ዘለዎ ኣይኮነ ን ። ከምቶም ቀዳሞት ወረርቲ ዓዲ ተኸላይ ሰፈሮምዘሜሓድሩ ዝነበሩ ፣ ንሱ እውን ዓዲ ሃሎ ንክቅማጥ ምምራጹ ትዝታታት ኣሕዲሩሉ እዩ ይኸውን ።

ቀዳሞት ሰበ ስልጣን መግዝእቲ ኢትዮጵያ ንዓበይቲ ዓዲ ኤርትራውያን ኣኪቦም ሜሬት እምበር ፣ ህዝቢ ኤርትራ ኣየድልያናን ክብሉ ደጋጊሞምፍኪሮም ነ ይሮም። እንተኮነ ፍትሓዊ ቓልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንስርዓት ሃጸይ ሓይለስላሴን ደርግን ቁጠባ ኢትዮጵያ ኣብ ዘይጸወሮ ድልሃመት ኣእትዩ ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ ስዒቡ ከም ዝወድቅ ገይሩ እዩ ።እንተኮነ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ከምቶም ኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ዝሓለምዎ ንኤርትራውያን መእሰያት ኣብ ደረት- ኣልቦ

ባርነት ቆሪኑ ፣ ናብራ ሜሪሩዎም ሃገር ገዲፎም ከምዝጠፍኡሉ ይገብር ኣሎ። ካብ ብድሙ ብሽምግልና ኣሜሪኻን ሩዋንዳን ክወጽእ ኣብ ዝተሓተሉ ፣ ፀሓይ ተፈጥራዊ ዑደታ እንተ ኣቋረጸት እውን ከምዝ ይወጽእ ፍኪሩ ተሪፉ ። ኣብ ሙዉዳእታ ከኣ ተሳዒሩ እዚ ኢትዮጵያ ካብ ብድሙ ስለ ዘይወጸት ናይ ዘይሰላምን ዘይኾናት ኩነታት ተፈጢሩ ዘሎ ተሓታቲ ስርዓት ህግደፍ እዩ ።ኢትዮጵያ ካብ ባድሙ ወጸት ማለት ፤ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ኢሳያስ ኣፈውርቂ ሰላም ረኺቡ ማለት ዘበት እዩ ። ሰላም ክርከብ ጉጅለ ህግደፍ ክውገድ ኣሎዎ ።

ካብ ባድሙ ብሰላም ክወጽእ ዝተሓተ ሜራሕ ጉጂለ ህግደፍ ፣ እምቢ ድሕሪ ምባል ኣብ ግምባር ዓሰብ ተደፊእና ክብልን ንወደባዊት ከተማ ዓሰብ ንጻላኢ ክተርፍ፣ ንሰራዊት ከንሳሕብ ዝኣዘዘ ሜራሒ ኣይኮነን እንድዩ ? እዚ እኳ ናብ ፍርድ እንተዝኸይድ ብጥልሙት ናይ ሞት ብይን ምተውሃቦ ነይሩ ። ኢትዮጵያ ደኣ ዓሰብ እንተ ትወሃባ እዚ ኩሉ ኹናት ምዒስ ምሙጻ ነይሩ። ባድሙ ብሕሙቅ ናቱ ምስ ተታሕዘት ክትሜልስዋ ኣሎኩም እሉ ብምእዛዝ ክሳብ 2,000 ሽሕ ዝኮነ መንእሰያት ብዘይ ተጸንዔ እስትራተጂ ብጢያይቲ ወያኔ ከምዝጠፍኡ ዝገበረ ሽፍታ እንዲዩ ። ሙኣግቦ ምስ ህዝቢ ኤርትራ ስለ ዘይውንን ክስምዖ ዝክእል ቓንዛ የለን ።

እቲ ኣብ ማእኸል ከተማ ኣስመራ ብዕለት 4/3/16 ብጉጅለ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ መንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝተፈጸመ ሙቅተልትን ስንክልናን ፣ ኣብ ሙዋእል እቲ ጉጂለ ሓዲሽ ነገር እኳ እንተ ዘይኮነ ፣ ዝህበና ዘየወላውል ሜልእኽቲ እንተሎ ህዝብናን መንእሰያትናን ብዘይ ፍርሓት ድጊ ምየ ኣኽል ናብራ ባርነት ብምባል ነቲ ተቓውሞ ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ኣሰጋጊሮሞ ከምዝለዉየ ረደኣና ።

እዚ ሙቅዘፍቲ ናይዞም መንእሰያት ዝኣዘዘ ጉጅለ፣ ብከምዚ ተግባራት እዚ ዝድሕን ይማስሎ ይከውን ። እንተኮነ እቲ ፍርሒ ካብ ህዝብናን መንእሰያትናን ተቀንጢጡ ስለ ዘሎ፣ ኣብ ቀጻሊ ዝግበር ምግጨው ሙዉዳእቲ ናይቲ ጉጂለ ኸክውን እዩ ። እዚ ሽፍታ ጉጂለ እዚ ሕጂ ዝወሰዶ ስጉምቲ ንዑኡ ናይ ሞትን ሕዮትን ምኳኑ ኣይንዘንግዕ ። ህዝባዊ ተቓውሞ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናበረኸ ይሙጽእ ከምዝሎ ይዕዘብ ስለ ዘሎ፣ ሓደ ሜልቲ ሃብቲ ሃገር ዘሜቱ ክሃድም እዩ ፣ ካብ ስደት ናብ ስደት እናኾብለለ ክነብር እዩ ።

ደሕሪ 25 ዓሙት ነጻነት ሃገር እቶም ማሳረታውያን ዝኾኑ ነገራት ከምዝስተ ሜይ ፣ ሙብራሕቲ ፣ ሕክምና መዓዓዝያ ወዘተ ክትስእን እንከላ ፣ መንግስቲ ኣሎ ክብሃል ዝክኣል ኣይኾነን ። ብሓጺሩ ድክታተር ተባሂሉ ምጽውዑ እኹል ኣይኮነን ። ስለዚ ልኪዕ ከምባዕዳዊ ገዛኢ ተራእዩ ፣ እቲ ዓይነት ቓልሲ ብሓዲሽ ኣጋባብ

ክውደብ ኣሎዎ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘለሎኹም ተቓለስቲ፣ ግንቦት 24 ድርብ ዓወት ክትገብሩልናን ዓዲ ሰላምን ፍትሕን ንክትከውን ጻዕሩኹም ኣዘይዱ።

ዝክሪ ነቶም ነዛ ዕለት እዚ ህያው ዝገበሩ ንስውኣትና !

ክብሮም ግረነት

5/19/16